# <u>ዋዕሮ ሰውራ።</u>



ዋዕሮ ሰውራ ጅግና ጓል ኤርትራ፣

ጭቆና፡ ገበን፡ ግፍዒ፡ ምስ መረራ፣

ሜዳ ወጺት ንናጽነት ኤርትራ።

ከመይ ጌረ ቃልሳ ከኽሕዶ፣

ቁምጣ ዓጢቓ ከም ወዲዎዶ፣

ብሬን ተሰኪማ ዓቀበት ብጉያ ትኸዶ።

ከመይ ገረ ርእሰይ ከድንን፣

ሓብተይ ከላ ከም ዋዕሮ ትሓንን፣

ንመስዋእትነት ነብሳ ትምንን።



እዛ ጅግና ዘይብላ ቀልዓለም፣

ዜይዓግታ ጥቕሚ ናይ’ዛ ዓለም፡

ገጻ ብሩህ ተፈታዊ ቀለም።

ትብዓታ በሊሕ ከም ብልሒ ሴፍ፣

ልማዳ ኣይኮነን ንጥቕሚ ሃጸፍጸፍ፣

ምስ ብጾታ ትድኽስ ኣብ ሓንቲ መንጸፍ።

ስራሓ ጽፉፍ በሰር ዘይብሉ፣

ኣእሙሮ ኣሎ ኩሉ ትመምየሉ፣

ነቲ ቅያ ዊዒላ ትሓድረሉ።

መዓንጣ ሸት ምስ ኵፉፉ፣

ጥይት ቡምባ ኣብ ውሽጡ ሓቚፉ፣

ዓሪዳ እንዲያ ግንባር ናሮ ናቕፉ።



ተጋዳሊት ፍልይቲ ካብ ደቀንስትዮ፣

ፍቕሪ ነጻነት ብተግባር ተርእዮ፣

መን ኣላ ትሰርሕ ክምዚ ናታ ዕዮ።

መንድያ ኣደ ዋርሳይ ሓብቲ ይከኣሎ፣

ይከኣሎ ንሰራዊት መንግስቱ ዝፈንቀሎ፣

ሰራዊቱ ማሪኹ ኣጽዋሩ ዝመንጠሎ።

ተገደም ምስ ኮነ ጉዕዞ ንሳሊና፣

ዝኣረገ ሸዳ ጸጊና ጿጋጊና፣

ጋንታ መሪሓ ሰጎመት ቅድሚ'ቲ ታንከኛ።

ቀዳድ ሸዳ ሕድሪ ከይጠለመ፣

ከደ ምስኣ ቅድሚት ሰጎመ፣

ካብኣ ከይፍለ መሓለ እናደጋገመ።



ፎርሳ እዩ ኔሩ ናታ ቃላ፣

ኣብ ሞንጎ እታ ሓይሊ ንሳ ትውክላ፣

ድሕሪ ኵናት ንቡርዩ ሞራላዊ ጓይላ።

ነቲ ዛዚማ ከደት ናብቲ፣

ከይሰንበደት ብናይ ብጾታ መስዋእቲ፣

እንተኾነ ሓዘን ነገሰ ኣብ ልባ ኣብ ውሽጢ።

ዝጎደለ መላሊኣ፡ ንኹሉ ሰሪዓ፣

ብጾታ ማይ ኣስቲያ ምግቢ ኣብሊዓ፣

ጉህያ: ከይፈልጡዋ ንውሽጢ ነቢዓ።

ሓላፍነት ተሰኪማ፡ ሓላፍነት ሕድሪ፣

ናይቶም ኣብ ቅድሚኣ ዝሓለፉ ደቂ'ዛ ምድሪ፣

ይጠፍኣ: ድሕሪ ስዉኣታ እንታይ ከም ተውሪ።

ጅግና ጓል ሃገረይ ዘይብላ ኣበሳ፣

ቆላ ወዲኣ ትወጽእ ከበሳ፣

ቁሪ ይቕበላ ዘይፈቱ ጋሻ።



ንኹሉ ትቕበሎ በዘይ ተቓውሞ፣

መስርሕ ምኺኑ ስለ ታኣምኖ፣

ብጻያ ከኸውን ኣጥቢቓ ትልምኖ።

ታሪኻ ገና ኣሎ ቀጻሊ፣

ነየናይ ነጊርካ ነየናይ ክትፈሊ፣

ክሳብ ኩሉ ዝንገር ይሃበና ዓቕሊ።

ሓበን ንቓልሲ ኤርትራዊት ጓላንስተይቲ፣

ግስጋሰ ንልምዓታዊ ወፍርና፡

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡

ዓወት ንሓፋሽ።